# ካልኣይ ዙርያ ምዕዳል መሬት ንመንበሪ ኣባይቲ ኣብ ኣስመራ

መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ንዝነብሩ ዜጋታት፡ ካልኣይ ዙርያ ምዕዳል መሬት ንመንበሪ ኣባይቲ ኣብ ኣስመራ ይጅምር ኣሎ። እዚ መደብ'ዚ፡ ኣብ ወጻኢ ናይ ዘለዉ ዜጋታትና ድልየት ዝምልስ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ኣብ ምድንፋዕ ሃገራዊ ቁጠባን ኣብ ምቅላል ሽግር ኣባይትን ዓቢ ኣበርክቶ ክህልዎ ትጽቢት ዝግበረሉ ኢዩ።

እቶም ናይ'ዚ መደብ'ዚ ተጠቀምቲ ክኾኑ ዝኽእሉ ዜጋታት፡ እቶም ሃገራዊ ግቡኦም ዝፈጸሙ ዜጋታት ኢዮም።

እቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንምርሒት ተዳልዩ ዘሎ መሬት፡ (ናይ ካልኦት ከተማታት ይስርሓሉ ኣሎ)፡ ኣብ ሓዝሓዝ፡ ሰንበልን ማይ ሑጻን ካልእ ተወሳኺ ቦታታትን ኢዩ። ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ብዝሒ ናይ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝሓተቱ፡ ምስቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ስፍሓት ዝምራሕ መሬት ስለዘይተመጣጠነ ብዙሕ ጸገማት ኣጓኒፉ ብምንባሩ፡ ኣብዚ ካልእይ ዙርያ፡ ሓታታይ ፍሉይ ምርጫ ኣይክህልዎን ኢዩ። ብዝወጽእ ቅጥዒ መሰረት ኣብ ዝተዋህቦ ቦታ'ዩ ክወስድ። እቲ ሰለስተ ከባቢታትን ካልእ ብሕጂ ክውሰኽ ዝኽእልን ግን ናናቱ ብልጫታት ዘለዎ ኢዩ።

በብስፍሓቱ ተሰሊዑ ዘሎ ናይ መሬት ተጠቃምነት ክፍሊት እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

ን250 ትርብዒት ሜተር----- 5,500 ዶላር<br>
ን375 ትርብዒት ሜተር----- 9,000 ዶላር<br>
ን500 ትርብዒት ሜተር------ 13,500 ዶላር

ኣብ ካልኣይ ዙርያ 1000 ትርብዒት ሜተር ኣይክምራሕን ኢዩ።

ግዚኡ ዝኣኸለ ቦንድ ዘለዎም ዜጋታት፡ ንቦንዶም መሬት ንምውሳድ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ ኢዮም።

ኣብዚ ካልኣይ ዙርያ መሬት ክምራሕ ዝደሊ ዜጋ፡ ተተሓሒዙ ዘሎ ፎርም (ኣብ ኢንተርነት'ውን ኣቲዩ ዘሎ) መሊኡ፡ ናብ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ኤምባሲታት ወይ ቆንስላዊ ኣብያተጽሕፈት ክሰድድ ኣለዎ። እቲ ፎርም ኣብ ዝሰደሉ ግዜ፡ ናይቲ ዝደልዮ ስፍሓት መሬት ክፍሊት ምስኡ ይልኣኽ፡ ወይ ብኣካል ይኸፍሎ። በቲ ዝወጸ ቅጥዒ መሰረት፡ መሬት እንተዘይተዋሂብዎ፡ ገንዘቡ ተመላሲ ይኸውን።

ፎርምታት ክሳብ መወዳእታ ታሕሳስ 2003 ተመሊኡ ክለኣኽ ኣለዎ። ካብ ዝሓለፈ ተመክሮ ብምምሃር፡ ምድንጓይ ብዝከኣል ብምውጋድ፡ መሬት ኣብ ነሓሰ 2004 ክዕደል ኢዩ።